

## Kisanet

> ኣብ 2015 ቅሳነት ናብ ተርኣፕል ክትመጽእ ከላ ጓል 14-ዓመት`ያ ኔራ ። ንሳ ንበይና ካብ ኤርትራ ናይ ኣዋርሕ ጉዕዞ ዝበደሀት እያ። እቲ ምኽንያት መውጽኢኣ ድማ ናጽነት ስለዝደለየት እዩ።

ብሰንኪ እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ጨቋኒ ገዛኢ ስርዓት እዩ፣ ኣወዳትን ኣዋልድን ካብ 18- ዕድመ ናብ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ክኸዱ ኣለዎም። እዚ ድማ ንልዕሊ 10 -ዓመት ዝወስድ ግዴታ እዩ። ብተወሳኺ ስነ-ሓሳብካ ናይ ምግላጽ መሰል ፈጺሙ የለን። ኩሉ ካብቲ ሃገር ክስደድ ዝፈተነ ከኣ ናይ ምእሳር ሓደጋ ይገጥሞ እዩ። ቅሳነት ካልእ መደብ እዩ ዘለዋ፣ ሃብታም ክትከውን እሞ፣ ስድራኣ ንኽትኣሊ እዩ። እቲ ጽቡቕ ዜና ናይ ኤሮፓ ንውሳኔኣ ናብ ስደት ከምተምርሕ እዩ ጌርዋ። ከም ቦኽሪ ጓል መጠን ክትዓቢ ንቕድሚት ክትግስግስ ድሕሪኡ ድማ ንስድራኣ፣ ንኣሕዋታን ኣሓታን ክትከውን እዩ።

ሓደ መዓልቲ ድማ ምስ መሓዙታ ብሚስጢር ተበገሳ። ቅድም ናብ ሱዳን ኣትየን : ድሕሪኡ ግን እተን መሓዙታ ካብኡ ንኽይቅጽላ ወሰና። ቅሳነት ግን በይና ናብ ሊብያ ተጓዕዘት። ኣብ ሰሃራ ኣብ ሞንጎ ጉዕዞ ድማ ሓደጋ መኪና ኣጋጠመ፣ ኣብኡ ብዙሓት ሂወቶም ሰኣኑ። ቅሳነት`ውን ሰለፉን ጎሎኣን ተሰይራ 4- ወርሒ ይኸውን ኣብ ሆስፒታል ደቀሰት። ብጣዕሚ ኣሰቃቂ ኮይኑ ድማ ረኺበቶ።



መወዳእትኡ ብጀልባ ናብ ጥልያን ክትበጽሕ ከኣለት፣ ሰንኪላ ክትከይድ ወይ ኮፍ ክትብል ዘይትኽእል ኣብ ከቢድ ቃንዛ ወደቐት። ዋላ ደኣ እኳ ምስ 600 ሰባት ብጀልባ ትምጻእ`ምበር ግን በቃ ንበይና ኮይኑ እዩ ተሰሚዕዋ። ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን ሓንቲ ብጣዕሚ ትሕብህባ ናብ ኔዘርላንድ ትጓዓዝ ሰብ ረኺበት፣ ምስ`ዛ ሰብ ስጋብ ሕጂ ርክብ ኣለወን።

ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ኣብ ተርኣፕል ከኣ ኢለን መጽያ፣ ኢለን ናይ ቆልዑ ተኸላኻሊትን ሓብሓቢትን ኒዶስ እያ። ናብ ሓደ ንኡስ ጉጅለ ብሓባር መንበሪ ገዛ ከምትመጽእ ኣረጋጊጻ ኣላ። መደቀሲኣ ድማ ምስ ክልተ ኣዋልድ ኤርትራውያን ብሓባር እዩ። እቶም ኣለይቲ ኣዝዮም ብጣዕሚ ደስ ዝብሉ ሰባት እዮም፣ ቅሳነት ድማ ኣዝያ ፈተወቶ።

ድሕሪ ቁሩብ ጊዜ ድማ ግዝያዊ መንበሪ ፍቃድ ናይ 5-ዓመት ረኺበት። ናብ ቤት/ት ትኸይድ እያ፣ ኣብ ሓደ ዓለም ለኻዊ ቤት/ት (ስካከል ክላስ) ድማ
ትመሃር። እዚ ቤት/ት ናብቲ መደበኛ ትምህርቲ ትኸደሉ መዳለዊ እዩ። ኣብኡ ድማ ዛጊት ዝሓሸ ቋንቋ ዳች ትመሃር ኣላ፣ ከም ተወሳኺ ቋንቋን ቁጽርው'ን ትመሃር እያ። እቲ ከም መሰረታውን ግዴታን ዝወሃብ ናይ ኢምበርኸሪን ኮርስ ወዲኣ ሓሊፋ እያ። ኣብ 2018 ን 2 ግዜ መጥባሕቲ ኣብ እግራ ጌራ፣ ከም ውጽኢቱ ድማ ጽቡቅ ክትከይድ  ክኢላ።

ኣብ 2019  ቅሳነት 18 ዓመታን ልዕሊ ዕድመን ምስኮነት፣ እታ ትኣልያን ትሕብሕባን ኣባል ኒዶስ ደው ኣበለት። ቅሳነት ከኣ ኣብ ብሬዳ ገዛኣ ሒዛ። ሽዑ ኣብቲ ሞያዊ ትምህርቲ ክትጅምረሉ ኣብ ዝደለየትሉ እዋን ከኣ ጥንሲ ኣጋጠማ። ቅሳነትን ኣቦ እቲ ኣብ ከብዳ ዘሎ ዕሸልን ከኣ ሽዑ ተፈላለዩ። ንሳ በይና ንውላዳ ክትኣልዮ ኸኣ ወሰነት። ስድራኣ ንሳ ጋል 17 ዓመት ከላ ናብ ኔዝርላድ ዝመጹ ኸኣ ክሕግዝዋ እዮም። ኣብ ሓንቲ ሞለንስኾት ትበሃል ቁሸት ድማ ይነብሩ። ካብቲ ንሳ ትነብረሉ ናይ ሓደ ሰዓት እዩ ብመኪና።

> ኣብ 2019  ቅሳነት 18 ዓመታን ልዕሊ ዕድመን ምስኮነት፣ እታ ትኣልያን ትሕብሕባን ኣባል ኒዶስ ደው ኣበለት።

ኣብቲ  ምብጻሕ ናብ ገዝኣ ዝተገብረሉ ግዜ ድማ፣ ሓደ ኣባል ማሕበራዊ ጉዳይ ኣብዚ ናይ ቅሳነት ጉዳይ ብዛዕባ ክንክን ቆልዓ ኣመልኪቱ ምስ ኣመልከተ ድማ ቅሳነት ንውሉዳ በይና ኮይና ከተዕብዮን ዝግባእ ክንክን ክትገብረሉ ዘይትኽእል ምኳና ሓደ ስእሊ ዝህብ ኩነት ነበረ።
ተወሳኺ እቲ ኣስካላ ናብ መንበሪ ገዝኣ ዝወስድ ብጣዕሚ ረሲሑ ከምዝነበረ፣ ብዛዕባ ጽሬት ናይቲ ከባቢ ኣሻቃሊ ምኽንያት ዝኾነሉ ድማ
ደሓር ቆልዓ ዝዓብየሉ ቦታ ብምኳኑ እዩ።



ቅሳነት ግን ነዚ ኣይተረደአትን። ኣብ ኔዘርላንድ ንውልቀን ዝነብራ ንእሽተይ ገዛ ዘለወን ብዙሓት ኣዴታት ኣለዋ ዶ ሓቀይ? ንምንታይ ደኣ እዚ ናታ ንዓኣን ንውላዳን ዘይምቹእ ኮይኑ? ኣብ ኤርትራ ሓንቲ ስድራ ምስ 5-ኣባላት ስድራ ኣብ ሓደ ገዛ ክነብሩ ይኽኣል እዩ። ተወሳኺ ዝረሰሐ ኣስካላ ከምዝጸሪ፣ ሓቂ እንድዩ? ንሳ ኸኣ ከምኡ ክትገብር ከምትኽእልን ክትገብሮ ምኳናን ወሰነት።

እዚ እቲ ናይ መጀመርያ ውግእ ምስ ማሕበራዊ ጉዳያት ሰራሕተኛታት እዩ ዝነበረ፣ ሓደ ካብ ምምሕዳር ከተማ ከምኡ'ውን ሓደ ካብ ሆስፒታል። እታ ናይ ማሕበራዊ ጉዳይ ሰራሕተኛ ሆስፒታል ብምኽንያት ሓንቲ ኣደ ዜጋ ካልእ ሃገር ንዝምልከት ዛዕባ፣ቅድሚ ወሊድ ተረኺባላ። ክልትኤን ብሓንሳብ ብምኳን ከኣ ቅሳነት ካብ ገዝኣ ክትወጽእ ኣገደዳኣ። ኣብቲ መወዳእታ ሰሙን ናይ ጥንሳ በይና ክትኸውን ኣይግበኣንዩ። ግድን ናብ ስድራኣ ክትከይድ ኣለዋ፣ ኣብ ሓንቲ ኖርድ ባራባንት ትርከብ ``ሞለንስኾት`` ትበሃል ቁሸት ናብ ዝቕመጡ ስድራኣ፣ ወይ ከኣ ንኣደን ህጻንን ዝኸውን ገዛ ንምርካብ ምምዝጋብ ከኣ ከም ሓደ ኣማራጺ ነበረ።

ቅሳነት ግን ንግዚኡ ምስ ስድራኣ ክትነብር ኣይደለየትን፣ ነዚ ኸኣ ጽቡቕ ጌራ ሓሲባትሉ ነበረት። ስድራኣ ካብ ከተማ ርሕቕ ኢሎም እዮም ዝነብሩ፣ ስለዚ ኸኣ ካብ እንዳ ስድራኣ ናብ ሆስፒታል ብሬዳ ብህዝባዊ መጓዓዝያ ኣዝዩ ክርሕቓን ነዊሕ ጉዕዞን ከኾናን እዩ። እተን ሰራሕተኛታት ናይ ማሕበራዊ ጉዳያት ግን ነዚ ከም ንውላዳ ጽቡቕ ክንክን ክትገብር ዘይምድላይ ጌረን ወሰደኦ። ኣብታ ናይ ኣደን ውላድን ገዛ ኣብ ትሕቲ ክትትል ከምትኣቱ ገበራ፣ ንውላዳ ከሕድጋኣ'ውን ብሕማቕ ኣካይዳ ሓዛኣ። በዚ ምኽንያት ድማ እቲ እምነት ኣብ ቅሳነት ጠፊኡ። ምስ ቅሳነት ይኹን ዋላ ምስቶም ኣብ ዙርያኣ ዘለው ትቀርቦም ሰባት ኣይተዘራረባን። ምኽንያቱ ኸኣ ምስ ቅሳነት ክሰማማዓ ስለዘይከኣላ፣ ነቲ ብዛዕባ ቆልዑ ዝጣበቕ ኣካል በቲ ባዕለን ብዛዕባኣ ዝወሰደኦ ስእሊ ገሊጸን ንግዚኡ ብዛዕባ ዘይተወልደ ዕሸል ንዝምልከት ዛዕባ ኣብ ትሕቲ ክትትል ክትኣቱ ዘመልከት ሕቶ ኣቕረባ። እዚ ከምዚ ዓይነት ኩነት ዝበዝሐ ግዜ ዝትግበር ኣብ ህጹጽ ጉዳይን ቆልዑ ኣብ ሓደጋ እንተተቓሊዖምን እዩ። ስለዚ ቁሩብ ንውሕ ዝበለ ግዜ ክወስድ እዩ ክሳብ እቲ ንቡር ዝኾነ ምክትታል ዝውሰን ማለት እዩ።

ስለ'ዚ ድማ ኢለን  ሓብሓቢትን ተኸላኻሊትን  ናይቲ ኣብ ከብዲ ዘሎ ዕሸልን ቅሳነትን ኮይና። ቅስነት ስጋብ 18 ዓመት ትገብርውን ንሳ ኣያ ኔራ ሓብሓቢታን ተኸላኻሊታን።

እቲ ዝምልከቶ ኣካል ማለት ተጣባቒ መሰል ቆልዑ መጽናዕቲ ብዛዕባ ውሕስነት ዕሸል ገበረ። ቅሳነት ምስ'ዚ ኣካል ተጣበቕቲ ቆልዑ'ውን ኣንጻር ኮነት። እዚ ቆንስል ተጣባቒ ክንክን ቆልዑ ግዝያዊ ክትትል ብምሕታት ንቅሳነት ኣብ ቤት ፍርዲ ክትቀርብ ጸወዐ። እዚ ኹሉ ወጥርን ጭንቀት ዝፈጥር ኩነት ነቲ ዕሸል'ውን ጽቡቕ ኣይኮነን። እቲ ቤት ፍርዲ ኸኣ ብምኽንያት ሓደገኛ ዝኾነ ናይ ኣተዓባብያ ስግኣት ግዝያዊ ክትትል ኣብቲ ዘይተወልደ ዕሸል ይእውጅ። እቲ ቆንስል ነዚ ግዝያዊ ክትትል ኒዶስ ክገብርዎ ከምዘለዎም ናብ ቤት ፍርዲ ይጽሕፍ። እዚ ማለት ከኣ ኢለን እታ ናይ ቅሳነት ተኸላኻሊትን ሓብሓቢትን ክትገብሮ ከምዘለዋ ይግበር፣ እቲ ምኽንያት ከኣ እቲ ቆንስል ምስ ቅሳነት ክሰማማዕ ስለዘይከኣለ'ዩ።

በዚ ኣጋጣሚ እዩ'ምበኣር ኢለን ተኸላኻሊትን ሓብሓቢትን ቆልዑ ተኸላኻሊት ናይዚ ህጻን ዝኾነት። ኢለን ምስ ቅሳነት ክትመያየጥን ብዛዕባ ውሕስነት ናይ'ዚ ዕሸል ውን ቅሳነት እንታይ ሓሳብ ኣለዋ ክትሓታ መደበት። ቅሳነት ከኣ ብዛዕባ'ዚ፣ ኣዲኣ 2-ቕነ ቅድሚ ሕርሳ ዘሎ ግዜ ናብኣ ከምዝመጻን ኣብ ግዜ ሕርሳ ድማ ምስኣ ናብ ሆስፒታል ከምዝኸዳ ሓበረታ። ድሕሪ ሕርሲ'ውን ንቑሩብ ግዜ ናብ ስድራኣ ከምትኸይድ ሓበረታ። ኩሉ ኸኣ ጽቡቕ ተሰማማዓ።
ኢለን እታ ተኸላኻሊትን ሓብሓቢትን ቆልዑ ከኣ ቅሳነት ንውሕስነት እቲ ህጻን ዝምልከት ንኹሉ ስለዝተዳለወትሉን መደብ ስለዝገበረትን ብኣኣ ኣዝያ ተሓጎሰት። እቲ ቀንዲ ኣድህቦ ክትህበሉ ዘለዋ ነገር እንተልዩ ኸኣ፣ ቁጽሪ ቴሌፎን ናይታ መወለዳንን ኣብቲ ግዜ ሕርሲ መን ምስኣ ከምዝኸውንን ካልእን ዝብሉ። ቅሳነት፣ ሰባት ኣብኣ ፍጹም እምነት ከምዘይብሎም ገለጸት። ስለ'ዚ እዚ ኣጋጣሚ ማዕረ ክንደይ ድልውትን ቅርብትን ከምዝኾነት ዘርኢ እዩ ኢላ። ስለዝኾነ ኸኣ ኩሉ እቲ ዝተበሃሃለአ ኣብ ወረቀት ኣብ ናይ ወሊድ መደብ ኣስፈረኦ። ብዘይ ጎነጽ ድማ ብሓንሳብ ነቲ መደብ ኣስፈረኦ። ብኸምዚ መገዲ ድማ ቅሳነት ማዕረ ክንደይ ንውሕስነት ውላዳ ውጥን ውሕስነት ኣውጺኣ ተዳልያ ከምዘላ ብስእሊ ክርእያ ሓንጸጻ።

ኣብ መወዳእታ ናይ ጥንሳ ግዜ'ዩ ቅሳነትን ኣዲኣን ልክዕ ከምቲ ኣብ ኤርትራ ዝተለምደ ኣብ ሓደ ናይ ክልተ ሰብ መደቀሲ ዓራት ኣብ መደቀሲ ገዛኣ ብሓንሳብ ደቀሳ፣ ። ሓንቲ ጓል ንመጀመርያ ግዜ ኣደ ኣብ ትኾነሉ፣ ብኣዲኣን  ብ'ኻልኦት ኣዴታት ሕብረተሰብን ትሕገዝን ትሕብሓብን።



ኣዴታት ኤርትራ ንኣዋልድ ደቀን ብኹሉ መዳይ ምድጋፍን ምእላይን ከም ግዴተአን እየን ዝሪኤአ። ኣስፔዛ ይገብራ፣ መግቢ ይሰርሓ፣ ገዛ የጸራርያ፣ ነቲ ቆልዓ ዘድልዮ ነገራት ኩሉ የዳልዋ። እዚ ኸኣ ኣብዚ ኔዘርላንድ ዝውቱር ኮይኑ ዝግበር እዩ። ኣዴታት ሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ገዝአን ከኾና እየን ዝመረጻ፣ ካብን ናብትን እንዳበላ ድማ ደሃይ ኣዋልድ ደቀን ይገብራ። ድሕሪ ወሊድ ኣብዚ ኔዘርላንድ ንሓጺር ግዜ ንኣደን ቆልዓን ዝግበር ሓገዝ ኣሎ፣ ናይ ወሊድ ክንክን ተባሂሉ ድማ ይጽዋዕ።

ኣብዚ ዝግበር ናይ ወሊድ ሓገዝ እታ ኣደ ብዝተፈላለየ መገድታት እያ ሓገዝ ትረክብ፣ ንኣብነት ቆልዓ ምእላይ፣ መግቢ ምድላው፣ ኣጋይሽ ምቕባልን ምኽሪ ብዛዕባ ጸባ ጡብ ኣደ ክግለጹ ይከኣል። ኣብ ኤርትራ፣ ድሕሪ ወሊድ ኣዴታትን ካልኦት ኣዴታት ሕብረተሰብን ነተን ናኣሽቱ ደቀን (ኣዴታት) እቲ ሓይለን ናብ ንቡር ክምለስ ብጣዕሚ እየን ዝከናኸነአን። ፍሉይ ዝኾነ ባህላዊ መግቢ ብፍላይ ድሕሪ ሕርሲ ዝብላዕ ብምድላው፣ ኣጋይሽ ብምቕባልን ቆልዓ ብምክንኻንን ሓገዝ ይገብራለን። ሓደ ቀዳም ንጎሆ ብኣጋጣሚ ኢለን (ተኸላኻሊትን ሓብሓቢትን ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ) ናብ ቅሳነት ትኸይድ፣ ከምቲ ቅሳነት ኣቐዲማ ዝሃበቶ፣ ኣዲኣ (ኣደ ቅሳነት) ምስኣ ነበረት። ኢለን ንቅሳነትን ኣዲኣን ሰላምታ ምስ ሃበተን፣ ድሕሪ ብሓንሳብ ምዕላለን ከኣ ናብ ገዝኣ ከደት።

> ቅሳነት፣ ሰባት ኣብኣ ፍጹም እምነት ከምዘይብሎም ገለጸት። ስለ’ዚ እዚ ኣጋጣሚ ማዕረ ክንደይ ድልውትን ቅርብትን ከምዝኾነት ዘርኢ እዩ ኢላ።

ቅሳነት ዋላ እኳ ዳኣ ጹቡቕ ምድላዋት ትግበር፣ ነተን ናይ ማሕበራዊ ጉዳይ ሰራሕተኛታት ግን ንርእሳን ንቑልዓአን ጹቡቕ ጌራ ክትከናኸን ከምትኽእል ከተእምነን ኣይከኣለትን። ንሳተን ምስ ቅሳነት ኣይዘራረባን እየን፣ ኣብኣ ፈጺሙ ዝኾነ እምነት`ውን የብለንን። እቲ ሕጽረት ናይ ምርድዳእን እምነት ዘይምህላውን ከኣ ኣብ ቅሳነትን ስድራኣን ኣብቲ መወዳእታ ጥንሳ ዓቢ ሻቕሎት ፈጢሩ ኔሩ ። ሕብረተሰብ ኔዘርላንድ ምሰኦም እንታይ እዩ ክገብር? ብፍላይ ከኣ ምስቲ ቆልዓ? እቲ ነዚ ዝፈጠረ ውጥረት ነቲ ዕሸልን ንቅሳነትን ጽቡቕ ኣይኮነን፣ ፈጺሙ ነቲ ጥንሲ ሰላም ዝህብ ኣይኮነን።

ኢለን እታ ተኸላኻሊት ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ እያ ነተን ናይ ማሕበራዊ ጉዳይ ሰራሕተኛታት ንቕሳነት ኩነታታ ጽቡቕ ጌረን ከይፈለጣ ኣብቲ ዝሃበአ ሚዛን ዝኣረመተን። ኣብቲ ዝነበረ ዝርርብ በቲ ንሰን ዝመደበኦ ከመይ ጌሩ ይኸይድ ጥራይ እዩ ኔሩ። በቲ ናተን መገዲ ማለት ከምቲ ኣብ ኔዘርላድ ዝስራሓሉ እዩ ኔሩ። እቶም ካልኦት ተኽእሎታት ኣይተወስዱን ኔሮም። ምስ ናይ ገዛ ብምትእስሳር ቅሳነት ነቲ ሽግር ብቕንዕና ከምዘይተረዳኣቶ ገሊጻ። ኣብ ኤርትራ ሓንቲ ስድራ ኣብ ሓንቲ ክፍሊ መንበሪ ገዛ ምንባር ንቡርን ቅቡልን እዩ። ተወሳኺ ቅሳነት ከኣ ዓቢ ገዛ ክትረክብ እቲ ክትገብሮ ዝግበኣ ኩሉ ጌራ እያ። ኣብዚ ሰዓት`ዚ ገዛ ክትረክብ ግን ከቢድ እዩ። ተወሳኺ ብዛዕባ`ቲ ረሳሕ ኣስካላ፣ ፍቑድ ድዩ ሓደ ሰብ ብዛዕብኡ ክሕተት?

ተወሳኺ እተን ናይ ማሕበራዊ ጉዳይ ሰራሕተኛታት እቲ ሽግር እንታይ ምዃኑ ብንጹር ከምዘይገለጻ ኢለንን ቅሳነትን ኣስተውዓላ። ከምኡ`ውን ቅሳነት እንታይ ትደሊ ከመይ ጌራ እያ`ኸ ውሕስነት ቆልዓኣ ከተውሕስ ትኽእል ኣይሓተታኣን። ኢለን ኣብ ቆልዓ ቅሳነት ስግኣት ኣተዓባብያ ከምዘይትርኢ ተዛሪባ። ከምዚ ዝበለ ጽንኩር ኩነት የለን፣ ቅሳነት ግን ገፊሕ ገዛን ካልእ ቴክኒካዊ ነገራት ንምድላውን ካብቲ ክትጥቀመሉ ትኽእል ሓገዝ ኲንይኡ ትኸይድ ሓላፍነታዊትን ተበግሶ ዘለዋ
መንእሰይን ኣደን ኢያ። ኢለን ከኣ ኣብ ሞንጎ ቅሳነትን ኣብተን ማሕበራዊ ጉዳይ ሰራሕተኛታትን ሓደ ክኢላ ባህላዊ መንጎኛ ኣእተወት።

ቅሳነት ከመይ ጌራ ምስ ወሃብቲ ኣገልግሎት ከምትረዳዳእ፣ ከመይ ጌርካ እቲ ትኽእሎ ነገር ከተርኢ ከምዘለካ፣ ከመይ ጌርካ ብዛዕባ ትደልዮን ዘይትደልዮን ዝርርብ ተካይድን ኣብቲ ናይ ሓባራዊ ስራሕ ምስቶም ወሃብቲ ኣገልግሎት ከምቲ ዝድለ ጹቡቕ እንተዘይከይዱ እንታይ ክትገብር ትኽእል ዝብል ኩሉ ካብ ኢለን ተማሂራ ኔራ።
ብዛዕባ መደብ ውሑስ ሕርሲ ምስ ኢለን ዝሓንጸጸቶ ብጣዕሚ`ዩ ጠቒምዋ። ተወሳኺ ብዛዕባ ጥንስን ሕርስን ኣብ ኔዘርላድ ከመይ ጌሩ ካብ ኤርትራ ከምዝፍለ ተማሂራ።



ዕለት 20 ለካቲት 2020 ድማ ዕለተ ሕርሲ ነበረ፣ መወዳእትኡ ኸኣ ቅሳነት መጥባሕቲ ትገብር። እዚ መጥባሕቲ ኣዲኣ ዋላ ቅሳነት ፍጹም ዘይተዳለዋሉ እዩ ኔሩ። ኣደ ቅሳነት ብዛዕባ`ዚ መጥባሕቲ ኣፍልጦ ዝበሃል የብላን፣ ብጣዕሚ ድማ ተሻቕለት፣ ወዲ/ጓል ጓላ በቲ መጥባሕቲ ከይህሰ`ሞ ህላውነት ጓላ (ንቅሳነት) ኣዝያ ፈረሐት። ኢለን ከኣ ብሓንሳብ ምስ,ቲ ተርጓሚ ብምዃን ብዛዕባ`ቲ መጥባሕቲ ገለጸት። ንሳ ብዙሓት ስደተኛታት ብፍላይ ድማ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ኣፍልጦ ብዛዕባ ኣካላዊ ነብሰንን ሕክምናዊ ስራሕን ዝምልከት ድሩት ኣፍልጦ ከምዘለወን ፣ ሓበሬታ ከምዘድልየን ድማ ተረደአት። ኢለን ኣብቲ ግዜ ሕርሲ ምርካባ ድማ ቅሳነትን ኣዲኣን ብጣዕሚ ተሓጎሳ። ኣብዚ ጥራይ ዘይኮነ ኸኣ፣ ቅሳነት ናይ እግራ መጥባሕቲ ክትገብር ከላን ኣብቲ ናይ 10-ደቒቕ ኣብ ቤት/ት ዝተገብረ ዝርርብን ኣብ ካልእ ኣገደስቲ ኩነታት`ውን ኢለን ተረኺባ ኔራ። ንቅሳነት ጥራይ ንምሕጋዝ ዘይኮነ ኸኣ ከምኡ`ውን ንስድራኣ ንኽወሃሃዱ ንምሕጋዝ እዩ።

ድሕሪ እቲ መጥባሕቲ ድማ ቅሳነት ን ሰለሰተ ወርሒ ምስ ስድራኣ ተቐመጠት። ኢለን(ተኸላኻሊትን ሓብሓቢትን ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ) ንቅሳነት ሓገዝ ክንክን ሕርሲ ክትሓተላ ግድን ኮነ። እታ ክንክን ሕርሲ ሓገዝ ትህብ ከኣ ቅሳነት ንቖልዓኣ ጹቡቕ ጌራ ከምትካናኸና ረኣየት። እቲ ምስ ሰባት ዝፈጠረቶ ዝምድና`ውን ኣዝዩ ጠቓሚ። እታ ተሓጋጋዚት ክንክን ሕርሲ ብዛዕባ ቅሳነት ብዘይካ ጥዑማት ቃላት ካልእ የብላን። ቅሳነት ድሕሪኡ ብዙሕ ነዊሕ ከይጸነሐት ኣብ ሓደ ቦታ  ሓደ ሓድሽ ኣፓርትመንት ብሎክ ገዛ ረኸበት፣ ድሕሪኡ`ውን ናብ ካልእ ዝገፈሐ ገዛ ቀየረት። ኢለን ዛጊት ሕጂ`ውን ንቅሳነት ትሕግዛ ኣላ።

እዚ ዝምድና ኣብ ሞንጎ ቅሳነትን ኢለንን ዘሎ፣ ኩሉ ግዜ ጡጡሕ ኣይነበረን። ብፍላይ ኣብቲ ናይ መጀመርያ ሓገዝ ሞግዚትነት፣ ቅሳነት ኣብ ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ክትእለ ከላ፣ ብዛዕባ ዕርቃንካ ዘውጽእ ክዳን፣ ከምኡ`ውን ምስ መሓዙታ ናብ ዓቢ ከተማ ኣብ ትገብሮ ዝነበረት ምውጻእን ዝምልከት ብዙሕ ግጭት ኔርወን። ተኸላኻሊት ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ኢለን፣ እቲ ኣገዳሲ ነገር ቅሳነት ክትርደኦ ዝደለየቶ ነገር እንተልዩ፣ እቲ ጉዳይ ከምዚ ንዓኣ (ንቅሳነት) ከተነኣኣስን ካልእን ዘይኮነ እንታይ ደኣ ኣብ ኔዘርላንድ ከመይ ይሰርሕ እዩ። ተወሳኺ ንትምህርቲ ምኻድ ዝምልከትን ቋንቋ ምምሃርን እዩ። ድሕሪ’ቲ ዝገበረቶ ከቢድ መጥባሕቲ፣ ቅሳነት ካብቲ ዝነበረቶ ሆስፒታል ናብ ኢለን ቴሌፎን ደወለት። ኢለን ንቅሳነት ቋንቋ ንኽትምህራ ክትብል ደድሕሪኣ እንዳኸደት ብዘርኣየታ ተገዳስነትን ሓልዮትን ቅሳነት ኣዝያ ተሓጎሰት። ከም ውጽኢቱ ድማ እቲ ኹሉ ጻዕሪ ጠቓሚ ኮይኑ ተረኺቡ። ቃንዛ ኔሩዋ በዚ ምኽንያት ድማ ኣብ ሆስፒታል በይና ነበረት፣ እቲ ዝርርብ/ርክብ ምስ ሓካይም ድማ በይና ክትገብሮ ግድን ኮነ። ነቲ ዝርርብ ድማ በይና ብጽቡቕ ወዳኣቶ ከምኡ`ውን ዘድልያ ዝነበረውን ተወከሰት፣ ብሓቂ ድማ ሩፍታን ኩርዓትን ተሰማዓ።

እቲ ተወሲኑላ ዝነበረ ግዝያዊ ክትትል ድሕሪ ወሊድ ብዙሕ ከይጸነሐ ተሰሪዙላ። ቅሳነትን ጓላን ጽቡቕ ኣለዋ። እታ ህጻን ሕጂ ዓመትን ፈረቃን ጌራላ፣ ቅሳነት ብኣኣ ጽልልቲ እያ ( ኣዝያ እያ ትፈትዋ)። ቀጻሊ ናብ እንዳ ስድራኣ (ንቅሳነት ስድራኣ) እየን ዝኸዳ። ኢለን ከም ትብሎ፣ ሕጉስቲ ኤርትራዊት ስድራ ኣብ ኔዘርላንድ ብምባል እያ ትገልጸን። እታ ህጻን ምስ ኣባሓጎኣ ማዕረ ክንደይ ፍቕሪ ከምዘለዋ ብቐሊሉ ክትሪኢ ትኽእል ኢኻ፣ መጻኢኣ ብሩህ እዩ። ቅሳነት ግን ኣብ ክንክን ጓላ ጥራይ ክትሕጻር ኣይደለየትን እንታይ ደኣ ክትመሃርን ክትሰርሕን ከኣ ትደሊ እያ። ስለ`ዚ ኸኣ ንጓላ ኣብነታዊት ክትኮና ትኽእል እያ። ሕጂ ድማ ንሞያዊ ትምህርቲ ``ሰብኣዊ ክንክን`` ዝምልከት ከም መፈለሚ/መእተዊ ዝኸውን ትምህርቲ ጀሚራ ኣላ። ቅሳነት ድሕሪኡ ኣብ ሆስፒታል ክትሰርሕ እያ ትደሊ።

ብተወሳኺ ቅሳነት ዘለዋ ተሞኩሮ ንትሕቲ ዕድመ ቆሉዑ ከተካፍል ድልውቲ እያ። መደብ ናይ ሓበሬታ ጌራ ብዛዕብኡ ሓበሬታ ክትህብ`ውን ትደሊ እያ። ቅሳነት ናብ ቤት ትምህርቲ እንተኸይዳ፣ ጓላ ድማ ናብ መውዓሊ ህጻናት ትኸይድ፣ ስድራኣ`ውን ዝበዝሕ ግዜ ቆልዓ የጽንሑላ እዮም።
ብሓጺሩስ ፈቃራት ስድራቤት እዮም። ኣብዚ ጉዳይ ናይ ቅሳነት ኢለን (ተኸላኻሊትን ሓብሓቢትን ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ) እንተዘይትሳተፍ ከመይ ምኾነ ኔሩ ኢልካ ንኽትሓስብ ይገብረካ። ንኹሎም ከኣ ማለት ነታ ህጻን፣ ንኣደ (ንቅሳነት) ከምኡ`ውን ንእንዳ ኣባሓጎኣ ጽቡቕ ኮነሎም።



ቅሳነት እንታይ እዩ ዘድልያ ኔሩ?
ገለ ክፉል ካብዚ ዛንታ ዶ ኣለሊኻዮ/ፈሊጥካዮ ኣለኻ?
ብዛዕባ ባህላዊ ፍልልይ፣ ብዛዕባ ሓገዝ ምርካብ ኣብ ኔዘርላንድ ከማኡ’ውን ኣብ ውሳኔ ምውሳድ ዘለካ ቅኑዕ መርገጺ ሓበሬታ ኣንተደሊኻ ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ ጥብቆ ተወከስ
**www.procademy.nl/ouders**

እቲ ተወሲኑላ ዝነበረ ግዝያዊ ክትትል ድሕሪ ወሊድ ብዙሕ ከይጸነሐ ተሰሪዙላ። ቅሳነትን ጓላን ጽቡቕ ኣለዋ።

እዚ ብዓውዲ ፕሮጀክት ሳመን ስተርክ (ብሓብር ምሕያል) ዝተሰምየ ፕሮጀክት ዝተዳለወ ኮይኑ፣ ሓባራዊ ስራሕ ናይ ፕሮጀክት ኒዶስን ኣርክ ሴንትረም 45 እዩ።

ብኤሮጳዊ ሕብረት ዝተመወለ